# ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልመት።

## መሰረት ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ ብመን?

*ብተስፉ ዘውደ።*

**መበል 11 ክፋል።**

ኣብ ዓስራይ ክፋል መደብ ኢሰያስ ንናይ የሚን ምንቅስቓስ ምቕላዕ ዝብል ሜላ ኮነ ስጉምቲ ብተጋደልትን ኣብ ገለውን ኣብ መሪሕነት ህላዌ ናይቲ ምንቅስቓስ ዝፈልጥ ኣይነበረን። ብርግጽ ኣብ መንጎ ሰለሙንን ኢሰያስ ጽቡቕ ናይ ብጻይነት ዝምድና ከም ዘይነበረ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። እዚ እውን ኢሰያስ ንሰለሙን በብቑሩብ ንመሪሕነት ከም ዘይበቅዕ ዝጨኑ ፈነዋን ሕሜታን ጽንጽንታ ይዘርእ ነይሩ። ሰለሙን ኣብ ጸጥታን ምምሕዳር ሳሕልን መደብ ምሓዙ ህቡብነት ክህልዎ ዘየኽእል ሕቡእ ከባቢ ብምንባሩ ምስቲ ናይ ሓደስቲ ዋሕዚ ጥራይ ዝተሓጽረ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ከበሳ ናይ ኢሰያስ ስም ገኒኑ ንሰለሙን ግን ዳርጋ ውሑዳት እንተ ዘይኮይኖም ዝፈልጦ ኣይነበረን። ኣብ መንጎኦም ከም ዓቕሚ እውን ዓቢ ፍልልያት ነይርዎም። ኣብ ደጀን (ሳሕል) ሰለሙን ሓውሲ ገታርን ተባዕን ስለ ዝኾነ ብዝገብሮ ምንቅስቓሳት ካብ ፈተውቱ ጸላእቱ የበርክት። ኢሰያስ ገስጋሲ ክመስል ዝገብሩ ትያትር ንዘይፈልጦ ዓቢ ተዋሳኣይ ኢዩ። ንሰለሙን ድማ ገለ ካብ ባህርታት ኢሰያስ ክርአ ዝኽእል ደቀቕቲ ጭብጥታት ሪኡ ዝሰግሮ ናብ ተጻባኢ ጎድኒ የደይቦ። ብናህሪ ስለ ዝምክት ድማ ብቐሊል ተግባሩ ብሕማቕ ይንበብ። ኢሰያስ ነብሱ ብኻልእ ከም ብጹእን ተጻማምን ምኩርን ገይሩ ዘርኢ ስእሊ ይፍኑ። ናይ ኣወዳድባ ክእለት ናይ ምጽናዕ ብቕዓቱ ብቕልጡፍ ዘማዕበለን ልዕሊ ኩሉ ድማ ጉድለታቱ ዝምባሌታቱን ከይኣረመ ብውሽጢ ሽፋኑ ዝነብር ፖለቲካዊ ሽሕጣን የዘውትር። ብግዳም ዝተዓዘቦ ነቲ ቆርበት በጊዑ ኢዩ ዘለሊ። ንዝተወሰነ ግዜ ክጽመም ድማ ይመርጽ። ካብ ሕነ ምፍዳይ ግን ንድሕሪት ኣይብልን። ጨካን ተግባሩ ኮነ ውልቃዊ  ዕላማ ሓንጺጹ ስለ ዝኸይድ ክዕወት ናይ ግድን ኢዩ። ዝገብሮ ናይ ዓወት መደብ ግን ባዕላውን ንረብሑኡን ስለ ዝኾነ ሃገርን ህዝብ ዘዐውት ኣይኮነን። ነቲ ህዝባዊ ነድርን ስምዒትን ኣንቢብዎስ ኣብ ጥቕሙ ከውዕሎ ክኢሉ። ነታ እቲ መስፍን (The Prince) ትብል ናይ ማክያቨሊ ኣንቢቡ ዘተግበራ ሰብ ኣሎ እንተ ተባህለ ንሱ ጥራይ ኢዩ። ከም ሰብ ሕነ ፈዳይ ስለ ዝኾነ ኣብ ናይ ነዊሕ ፖለቲካዊ መስርሕ ከዐውት ግን ኣይክእልን። ኣብ ጸቢብን ውሱን ከባቢን እሞ ዝርገሐ ናይ ሓበሬታ ዘለዎ ከባቢ ክነብር ዝኽእል ሜላ የዘውትር።

ነታ ውድብ ኢሰያስ ኣይቕረጻ እንበር ከም ናቱ ገይሩ ኢዩ ነዲቕዋ። ኩሎም ኣብታ ዝቖመት ውድብ ብድስፕሊን ዝተቐየዱ ክኾኑ ከለዉ መሰል ኣብ ተኻፋልነትን ኣብ ናይ ሓባር ሰራሕ ዘየፍቅድ ብትእዛዝ ኩሉ ይፍጸም። ብናይ ሓባርን ምይይጥን ተኻቲዕካ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝድይብ ህዝባዊ ድልየት ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ባዕዳዊ ኣሰራርሓ ኢዩ። ድለትን ብንጹር ይትረፍ ብሓርፋፍ ከም ጠለብ ህዝቢ ተገምቲሙ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ኩሉ ዝተተግበረ ብዙሓት ተዋሲኦምን ተኣምር ፈጺሞን ከለዉ ብናቱ ሕንጻጽ ንኽፍጸም ዝተመደበ ኣብቲ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ እዋን ኢዩ ሃንደበት ዝመሓላለፍ። ብሓባር ዝቐረበ ክመስል ድማ እቲ ድሒሩ ዝመጽእ መግለጺ ኢዩ ከብርህ ዝፍትን። ኩለን እተን ዝተፈላለያ ናይ መሪሕነት በዚ ቅርጺ ተነዲቐን ኢሰያስ መሪጹ ዝሰርዐን ክመስላ ናቱ ብልህነትን ኣወዳባን ዘነጽር ኮይኑ ይግለጽ። ናይ ኩሉ ተሳታፊ ድልየት ንጸላኢ ከመይ ገይሩ ይጸርግ ድሙር ማሕበራዊ ሓይልን ዕማምን ተረሲዑ ስዒቡ ዝመጽእ ሃገራዊ ምሕደራ ኣብ ኢድ ሓደ ሰብ ጥራይ ትውቀብ። እታ ትቐውም መንግስቲ ሃገር ናጻ ምስ ወጸት ሽዑ ብናይ ሓባር ድልየት ከም ትቐውም ገርካ ክውሰድ ጸኒሑ። እቲ ክመጽእ ዝኽእል ንምግማቱ ሓበሬታ ዝህብ ይንበር ግን ኣይተነበን። ስለምንታይ ኣይተነበን ከም ኣብነት ገለ ሓንቲ ዝተፈጸመት ክገልጽ።

ድሕሪ ናይ 1977 ውድባዊ ጉባኤ ብዛዕባ ዝሓለፉ እማሜታት መግለጺ ንምሃብ ካብቶም ተሳተፍቲ ናብ መመደቦም ተዋፈሩ። ካብ ናቕፋ ንፋሕ ክሓልፍ ከለኹ ናይ ቁጠባን ናይ መጎዓዝያን ኣባላት ኣኼባ ገይሩም ብዛዕባ እቲ ጉባኤ ክግለጸሎም ከሎ ኣብ ማህሚመት ስለ ዝነበርኩ ኣብቲ መግለጺ ዝወሃበሉ ተኻፊሊ ነይረ። እቲ ጉባኤ ብዘይካ ቁጽሪ ኣስማትን ዝተመርጹ ማእከላይ ሽማግል ከምኡ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ብዙሕ ዝተዋህበ ሓበሬታ ዝነኣድ ኣይነበረን። ዳርጋ ዕቁንን ድሩትን ሓበሬታ ጥራይ ነይሩ። ነቶም ተጋደልቲ ከም ሓዳሽ ኮይነን ዝቐረባ ሓንቲ ኣብ ዝንባሌኦም ዘድሃበት ናይ መርዓ ምፍቃድ እሳ እውን ምስቲ ናይ ሓራ ዝወጸ ከባቢን ኮነ ቁጠባዊ ዓቕሚ ዘፍቅዶ ክትከውን ከላ እታ ካልኣይቲ ቀጻሊት ውድባዊ ጉባኤ ድሕሪ ክልተ ዓመት ከም ዝትግበር እዚ እውን ኩነታት እንተዘይ ኣፍቂዱ ግን ብሽዱሽተ ኣዋርሕ ክትናዋሕ ተገሊጹ። ኣብ ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ ስምረትን ገጹ ዝጠመተ መግለጺ እውን ነይሩ፣ ግን እቲ ውድብ ብዝኣምነሉ እንበር ገለ ሕድገታት ዘየፍቅድ ጸቓጢ ኢዩ

ዝነበረ። ሕቶ ምስ ተፈቕደ ተጋደልቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ብዛዕባ እታ መርዓ ትብል ተደጋጋሚት ኢ.ያ ነይራ። ካብ ኩሉ ዝመሰጠትኒ ግን ናይ ሻምበል ባሻ ባህረ ሕቶ ኢ.ያ ነይራ። ብዕድመ ድፍእ ዘበሉን ፍርህን ጸቕጥን ዘይስመዮም ወረጃ ሰብ ኢ.ዮም ነይሮም። ድሕሪ ናጽነት ስለ ዝዓረፉ ንነብሶም ምሕረት ይሃብ እብል። ሕተኦም ድማ ፦ እጠቅስ፣ ,,እቲ ቀጻሊ ውድባዊ ጉባኤ ድሕሪ 2 ዓመታት ተባሂሉ። እንተ ነውሐ ድማ 6 ኣዋርሕ ይናዋሕ ዝብል ውሳኔ ከም ተበጽሐ ተገሊጹ። ደርጊ ኣብ ገለ ዘይተሓስበ ወጥሪ ኣትዩ ሃገር ናጻ እንተኾነት መን ይመርሓ?“ ክብሉ ሓተቱ። እቲ ዝገልጽ (ተጋዳላይን መሪሕነት መጎዓዝያን ባዓልኬር) ዝነበረ ምሉቕ ኢ.ላቶ ድማ ከምዚ ዝስዕብ በለ፦ እጠቅስ፣ ,,ብሓጺሩ እቲ ናጻ ዘውጽኣ መሪሕ ንሱ ይመርሓ““። ሻምበል ባሻ ሃገር ብሓፋሽ ኢ.ያ ናጻ ትወጽእ ትብሉዶ ኣይነብርኩምን፣ ሕጂ እንበኣር መሪሕነት ከም ዘውጽእ ተገሊጹ፦ በሉ። እወ እቲ መሪሕ እኮ ኣካል ናይቲ ሓፋሽ ኢ.ዩ ክብል ሰንቢ.ዱ ኣረመ። መሊ.ሶም ድማ ስምዕ እሞ እዞም ደቅና ንኡስ ዕድመ ስለ ዘለዎም ሕቶታቶም ብዛዕባ መርዓ ኢ.የን ነይሩን። ናይቶ ደቆምን ስድርኦምን ገዲፎም ዝተሰለፉ ብዛዕብኦም እንታይ ተወጢነ በልዎ። ንገለ ገለ ስድርኦም ምስቲ ኩነታትናን ዘለና ዓቕምን ዝመጣጠን ኣድላይ ተግባራዊ ዝኾነ ክንግብር ወሲና በሎም። ሕቶ ኣቦይ ሻምበል ባሻ ባህረ ቅንዕቲ ኢ.ያ ነይራ፣ ግን ስለ ዘይበርሃሎም ደኣ እንበር እታ በጨቕ ኢ.ላ ዝወጸትስ መደብ ኢ.ሰያስ ኢ.ያ ነይራ። ሃገር ናጻ ትውጻእ እንበር ብናትይ ስነ-ጥበብ ስለ ዝወጸት ኣነ ክሳብ ብህይወተይ ዘለኹ ካልእ መራሒ ክህሉ ኣይክእልን ዝብል ሕንጻጽ ኢ.ዩ ትመዲቡ። ኣባላት መሪሕነት ኢ.ዮም ዝለዋወጡ እንበር ንዘልኣለም ክሳብ ዘሎ ሓደ ሰብ ከም ዝመርሓ ርዱእ ኢ.ዩ ነይሩ። እሱ እውን እቲ ቅርጺ ናይቲ ውድብ ዝምስክሮ ሓቂ ኢ.ዩ። ልዕሊ 600 ዝተኻፈልዎ ኩሉ ናይ ኢ.ሰያስ ሕንጻጽን ጠለብን ከተግብሩ እንበር ናቱ ርእይቶ ዘቕረበ ሓደ ሰብ እውን ኣይነበረን። ካብዚ ዝዓቢ ጭብጢ እንታይ ኣሎ። ነታ ናይ ጉባኤ ኮሚቴ ዘቖማ እሱ ባዕሉ። ተጋደልቲ ኮሚትኦም ክመርጹ ዕድል እውን ኣይተዋህበን። ኣብ ከባቢ ናቕፋን ሕክምናን ዝተላዕለ ከቢድ ሕቶታት ነታ ኮሚቴ ንሕና ዘይመረጽናያ ዝብል ታዕ ታዕ ስለ ዘስዓቡ ክንደይ ጀጋኑን ተባዓት ሃገራውያን ተኣሲሮም። ልዕሊ 600 ዝኾኑ ድማ ናብ ማርሳ ጉልቡብ መሸላ ክዓጽዱ ተባሂሎም ምስ ኩሎም ኣብቲ እዋን ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዝነበሩ ተኣሲሮም። ብኡ ኣቢ.ሎም ዝሓቐቑ እውን ኣለዉ።

ሓደ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ዝወፍር ሰብ ክልሰ-ሓሳባዊ መስመር ዝሰርዖ ኣይኮነን ዘበግሶ። ብሓጺሩ ዕድመ መግዛእቲ ከሕጽር ኢ.ዩ ዝሰለፍ። እቲ ካልእ ጠለባት እታ ውድብ ግን እትው ምስ በለ ኢ.ዩ ዘስተማቕሮ። እታ ብናይ ሸቃሎ ስነ-መጎት ትኸይድ ኣምሲላ ትሸቅጥ ኣዋናባዲት ውድብ ትኽተሎ መርገጺ ክኽተል ይግደድ። ነታ ጸቕጢ ወይ ሕብእቲ ሰልፊ እዛ ናይ ሎሚ ህግደፍ ኣብ እንግድዕኡ ድማ ተሰኪምዋ ይነብር። ኣይፈልጣን ንግዳም እውን ኣይትጭኖን ግን ህልውቲ። እቶም ኣባላት ዝኾኑ ድማ ተሓርዮምን ተለልዮምን ኢ.ዮም ኣብታ ሰልፊ ዝኣትዉ። ኣባላት መሪሕነት እውን እንተኾኑ ናይታ ሰልፊ ኣሰራርሓ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ዘስርሕ ሕንጻጽ ተኸቲሎም ዘተግብሩሉ መስርሕ ኢ.ዮም መሲልዎም ዝኣምኑ ዝነብሩ፣ እንበር እቲ ኣብ ድሮ ናጽነት ክትግበር ዝተዋፈረ ደንጎዮም ኢ.ዮም ተረዲኦሞ። ንመራሕ ሓንቲ ኣሃዱ እቲ ተኸታታል ሜላን ስዉር ዝተላእከ ሰላይን ይዝውርዎ። ኩሉ ዝተዋህቦ የተግብር። ብናቱ ተበግሶን መሃዝነትን ዝትግበር የለን። እቲ መርባብ በብቕሩንን በብዓቐንን ዛጊድ ተዘርጊሑ ኢ.ዩ ነይሩ። ኣብ ህዝባዊ ሓይልታትን ድሒሩ ድማ ኣብ ህዝባዊ ግንባርን ኣባል ሰልፊ ዝብል መግለጺ ሰሚዖን ተገሊ.ጹሎም ኣይፈልጥን። ብትሒም ቲሒም እውን ኣዝዮም ውሑዳት ተጋደልቲ ኢ.ዮም ዝፈልጡ። ገለ ኣባላት ሰልፊ ብጸይቲ ኣፍቂሮም ክዛመዱ ዝጀመሩ ንብጸይቶም ብምንጋሮም ክሳብ ከቢድ መቕጻዕቲ (ናብ ህይወትን ሞትን ዝብጽሕ) ክወርዶም ክም ዝኽእል ንብጸይቶም ብምግላጾም እሞ ንሳ ድማ ብትሒም ቲሒም ስለ ዝገለጸት ነብሶም ብቁምብላ (ቦምባ) ዘሕለፉ እኮ ኣለዉ ኢ.ዮም።

ድሕሪ ናይ ፋሕ 1977 ውድባዊ ጉባኤ እቲ ናይ ስምረት ዓንቂፍካን ዓናቒፍካን ኣወንዚፍካዮ ትጸንሕ እሞ ደሓር ንጀብሃን ገለ ውሽጣውያን ተቓወምቲ ትንጽል ተሕቅቕ ዝብል መሰርሕ ተሓንጺጹ ኢ.ዩ ነይሩ። እታ ብ1970 ዝቖመት ውድብ ምስ መሳልላ ኢ.ያ ተመስሪታ። ኣብታ ላዕለወይቲ ኣዳራሽ እቲ ሃንጺ ኢ.ዩ ሰፊሩ። ናይ በይኑ ስፍራ። በየን ሓሊፍካ ኢ.ኻ ነዚ ኩሉ ፈሊ.ጥካዮ ዝብል ሕቶ ብኣንበብቲ ክቐርብ ንቡር ኢ.ዩ። ህይወተይ ኣብ ሓደጋ ኢ.ያ ነይራ። ድሕሪ ምእሳረይ ኣብ ተጋደልቲ መእሰሪየይ ብሩህ ኣይነበረን። ኣብ ከባቢ መሪሕነታት ከም መንካዕ እፍለጥ። ኣብ ናይ መንካዕ እዋን ዝተጻወትክዎ ተራ ኣይነበርን። ናብኡ ዘብጽሕ ዕድል ኣይነበረንን። ንሕቶኣቶም ብርግጽ እድግፎን እኣምነሉን። ደሞክራሲ.ያውን ህዝባዊ ጠለባትን ስለ ዝኾነ። ተሓሲመ ወይ ድማ ጸግዒ ዘየትሕዝ ባህሪ ማለት ንኹሉ ዘገም ኢ.ልና ንመዝኖ ዝብል ጎድኒ ምስ ኣርኣኹ በቲ ኣዝዩ ጥንቁቕ ጠባየይ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ብለቓት ምስ ሓደሽቲ ከም ጦፍ ንምሩኽን ውጉእን ኣብረሃም እንቶንዮ ኣነን እስቲፋኖስ ዳኘው ሒዝና ምስ ምስ ወረድና ኣብ ጸገም ኢ.የ ዝኣተኹ። ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ተጀሚሩን ረሲኑን ኢ.ዩ ጸኒሑኒ። እቶም ሃገራውያን እውን ተቐይዶም ነይሮም። ገና ኣብ ብለቓት ምስ በጻሕኩ ምስ ሰለሙን

ወልደማርያም ኣብ ወጥሪ ኣተኹ። ኣብቲ ናይ ክፍልታት እዋን ኣብ ሳልሳይ ምስ ዓድብደልከሪምን ሳልሕ ሹምን ስለ ዝነበርኩ ኣብቲ ሓምሻይ ክፍሊ ዝወጸትሉ ድማ ብቆላ ሰራየ ገይረ ንቓጨሮ ሃዲመ ናብ ብንያም ባይሩ ብድሕሪኡ ኣብ ትራንዚት ናብ ከባቢ ኡም-ሓጀር ኣብ ሕለት ቦርናኦ ምስ ስዩም ስለ ዝተሓባእኩ ሰለሙን ይፈልጥ ብምንባሩ ድሕሪ ጀብሃ ተድሪብ ምስ ወሰድካ ብሱዳን ኣቢልካ ስለ ዝመጻእካ ኪድ ከም በሓዲሽ ተዓለም ክብል መደበኒ። ግን ንምእሳረይ መደብ ኢዩ ዘውጽእ ነይሩ። ጸኒሑ ድማ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም መደበኒ። ኢሰያስ'ውን ኣብ ጎድኑ ኢዩ ከጸገዓኒ ዝመደበ። ብሓጺሩ ግን ጸግዒ ኣይሓዝኩን። ኮይኑ ግን ምክትታል ናይ ክልቲኦም ኣይተፈልየንን። ንሱዳን ናብ ካርቱም ናብ ቤተ-ሰበይ ኢየ ከይደ። ተከስተ ትረሎ በዓል ቤታ ንግደይ ጋንዲ ኣብ ከባቢ ሑመራ ዝገበረለይ ሓገዝን ምትብባዕን ዕድመይ ምሉእ ዘይርስዖ ሓቂ ኢዩ። ኮይኑ ግን ክዕልም ምስ ተመደብኩ እውን ሓላይን ደጋፍን ክመስል ሰለሙን ተጸጋዓኒ። ንተግባሩ ድማ ናብ ሻራ ዝዕድም ኮይኑ ስለ ዝተራእየንን ዝገምገምኩን ድማ ሻራነት ከወግድ መረጽኩ።

ከምቲ ኣብ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽኽዎ ሓደ መሪሕ ዝበሃል ንናይ ምትግባር ስልጠን ምብሓት ነበይኑ እኹል ኣይኮነን፣ ናቱ ክንፍታት ዘጣጥሓሉ ዓቕሚ ንምጥራይ ኣጫፈርቲ ከበርክትን ከጥርን ናይ ግድን ይኸውን። ሓደ መሪሕ ከም ኣብነት ዝጥመትን መለክዕን ኮይኑ ስለ ዝውሰድ ንኹሉ ዝገብሮን ዝፍጽሞን መታን ክዕወት መስመር ዝውጥኑን ዝምድቡን ኣማኸርቲ ይነድኞ። እቶም እጫፈርቲ ናይ ምጥፋእን ናይ ምዕዋትን ምስቲ ዕድል ውልቀ-ሰብ ኢዩ ዝዕቀን። ኣብ መንጎ እቲ ቁርቁስ ድማ ዝዋስኡ ክልተ ስሕለት ዘለዎም ኣይሰኣኑን። እቲ ክብሕት ዝደሊ ተግባሩ ኩሉ ግዜ ኣብቲ ዘካይዶ መስርሕ ኣዝዩ ጠቓሚ ወይ ድማ ኣዝዩ ጎዳኢ ሳዕቤናት ኣለዎ። መምዘኒ ናይ ብሓባር ተጠርኒፎም ዘተግብሩ ጉጅለ ቀንዲ መማዕበሊ ትካል እቲ ሕጋዊ ቅርጺ ኢዩ። ህዝባዊ ሓይልታት ዝቕመ ሕግታት ዘይብላ ወይ ድማ ከም ሓደ ብደሞክራያዊ ኣገባብ ዝተወከለ ኣካል ዘይብላ፣ ግን በደል ስለ ዝተፈጸመ፣ ኣብቲ ናይ ትሕቲ ጀብሃዊ ቅርጺ ከተዐርን ከተኻኽልን ዘይከኣል ስለ ዝኾነ ዝብል መርገጺ ተወሲዱ ዝተፈልየት ኢያ። ስለዚ ብውሑዱ መሰልን ሕግን ንምትግባር ተነጺላ ዝብል መደምደምታ ንምትግባርን ንምብጻሕን ኢዩ ሓደ ደሞክራሲያዊ ውድብ ንምምስራት ምንጻል ዝተመርጸ። ምረትን ዘይሕጋዊ ንምእራም ዝተበገሱን ተጋደልቲ ብሓቂ ነይሮም ኢዮም። ኣብቲ ዝተነጸለ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ዝተረፈ እውን መረረ ዝነበሮም ነይሮም ኢዮም። ተጻዋርነቱ ዝተጸንቀቐ ዘይተጸንቀቐን ኣብ ክልቲኡ መዳይ ክህሉ ድማ ንቡርን ኢዩ። ምስቲ ዝተነጸለ ግን እቲ ዝሽፍአ ኣካል ናይ ስልጣን ሕማሙ ሓቢኡ ኣብቲ ሓዲሽ ባይታ ከጣጥሕ ዕድል ዝረኸበሉ ኣናድዩ ዝተፈልየ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ተበላጺ ተባሂሉ ክጥቀስ ዘለዎ ንሱ ኢዩ። ንስልጣን ምብሓት ኢሉ ስለ ዝተበገሰ፣ ዕላምኡ ንክሃርም ኩሉ ዘድሊ ገበናት ከም ዝፍጽምን፣ ንዝኾነ ናይ ምእራም ስጉምትታት ቀንዲ ተጻራሪ ባህሪ ስለ ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነስ እታ ዝኸዳ መስመር ሜላ እንበር ዓላማ ክህልዋ ፈጺሙ ኣብ ኣሰራርሕኡ ቦታ የብላን። ሎሚ ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ቅርጽና በቲ እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ዘይሕጋዊ መንግስቲ፣ ነዚ ባህርያዊ ዘይኮነ ማሕበራውን ሃገራዊን ቅርጺ ካብ ጥንታዊ ስርዓታትና ምሕዩ እኩባት ግን ዝተፈንጣሕና ውልቀ-ሰባት ገይሩ፣ ክሳብ መለለይ ከም ዘይብልና ገይሩና ይርከብ።

ሃገርና ኣብ ሓድነት ህዝባ ኢያ ክትማሙቕ ዝግበኣ ዝነበረ። ነቲ ንመግዛእቲ ዝኸፈልናዮ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከቢድን ንኹለን ስድራ-ቤታት ንነዊሕ ግዜ ዘስዓቦ ምፍልላይ ኣብ ቀጻልነት ናይ ወለዶ ምስሳን ሃጓፍ ከይኣክል ኣብ ባህላውን ማሕበራውን ውርሻታትና ከፋትን ንምዕባሱ ዘጸግም ጩዲዱ፣ ክንዲ ኣብ መላግቦን ምትዕርራያት ዘብጽሕ ቅልጡፍ ስጉምቲ ብኹሎም ክኢላታትና ዓቕምናን ተረፍ ዕቑር ሓይልታትና ነዋፍር እንሆ፣ ነቲ ሓዲሽ ወለዶ ዝህውትተሉን ቆላሕትኡ ዝስሕተሉን ኣዕናዊ ወራር ንሃገርና ናብ ዘይተፈልጠ ህጉም ከም ትኣቱ ይትግባር ኣሎ። ብረታዊ ቃልስና ንመግዛእቲ ክሕግሕግ እንበር፣ ብድሕሪት ኮይኑ ነቲ እንምክቶ ናይ መግዛእቲ መስመር፣ እንዳ ተዋደቕና ንሃንጽ፣ ኩናትናን ጭማራናን ብድሕሪት ኣንጻርና ሎሚ ብወገን ንብሎ ንደሚ ኣለና። እንሆ 18 ዓመታት ፋይዳ ዘይብለን ሓሊፈን። ብኹሉ መዳያት ተበግሶናን ስጉምትና ጎደናናን ተጣሒሱ፣ ከም ሃገራውያን ዘይንራዳድኣሉ ናይ ምብትታን መሰምር ንኽተል ኣለና። ንኹሉ ግድኣትና እነለልየሉ ሕጋውን ፍትሓውን ባይታ ስኢና። ካብ ዓለምና ተነጺልናን ሓርነታዊ ቃልስና ከም ዘይደመናሉን ንሓደ ውልቀ-ሰብ ከነንግስ ኢልና ከም ዝፈጸምናዮ፣ ርሱዓትን ህሱሳትን ኮና ተሪፍና። እዚ ሕጂ ዘየሰማምዕ ባህሪ ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ስሰዐን በለጽን ዝተላዕጠጠ፣ እሞ ብፍርሀን ብራዕድን ዝተሰነየ ናይ ጥለመትን ክሕደትን ጉዕዞና ኣብ ዘይንፈልጦን ዘይተጸበናዮን ንኣትዎ ዘለና ሃንደበት ዝወረደና ዲዩ? ነብስና ኣይነተዓሻሹ። ህዝብና ንኹሉ ተግባር ኢሰያስ ለቢስዎስ ናቱ መሳርሒ ክኸውን ፈቒዱ ኣሎ እንተዘይ በልኩ፣ ይረደኣዮ ኣይረዳኣዮ የተግብሮ ኣሎ። ዓለም ናበይ ገጻ ትጓዓዝ ኣላ ፈሊጥና ናብ ኩሉ ኩርናዓት ገጽና ንውሕዝ ንስደድን ኣለና። ኣብ ዝኸድናዮን ዝዓለብናዮን ድማ ንናጽነትን ሓርነተን ከነስተማቕረሉ ንኽእል ዕድላት እውን

እንመሃረሉ ባይታ'ውን ጸኒሑና። ፍትሕን ሕግን ኣብ ዝነገስሉ ከባቢ ስለ ዝዓለብና ካልእስ ይትረፍ እቲ መባእታዊ  መሰልና ተሓልዩ ማሚቕና ንድቅስሉ ሰላም ረኺብና። ነቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ነዚ ረኺብናዮ ዘለና ክረክብ ይትረፍስ ናይ ስድራ-ቤት ቅርጹ ተፈንጢሑ ኣደዳ ሕሰምን ኣደራዕን ኮይኑ ብጭቡጥ እንዳ ተዓዘብና ክሳብ ኣብ ጭካነ ገጹ ዘምርሕ ክሕደት ነተግብርን ንፍጸምን። ኣብ ሃገርና ዘሎ መግዛእቲ እሞ ሕጊ-ኣልቦ ከም ዘሎ እንዳ ፈለጥና ከም ዘይተፈጸመን ንስጉምን ንምዕብልን ኣለና ንብል። ዓለም ንሃገርና ፎእ ኢላታ ከላ ዓለም ኢያ ተጋግያ ዘላ ዝብል ትምክሕቲ ዓብሊኹና ይርከብ። ሓዊ ሓዉ ስድርኡ ብኣልማማ ዝተኣሰሩ ረሲዑ ሓደ ዜጋ ኣብ ኣስመራ ገዛ ስለ ዘስረሐ ሃገርና ፍርሕን ሕግን ኣይፈጸማ እንበር ኣነ ዘድልየኒ ሃሪመ ኣለኹ ክንብል የጥዕመልናዶ? እዚ እኩይ መሪሕነት ኢሉ ነብሱ ዝሰየመ ብቲቪ ኤረ ገይሩ ,, __መገልገል ሓቂ ዝብል (Serving the truth)__ ሓሶቱ ኣቐድም ኣቢሉ ሓፋሽ ምስ ትብል ናይ ሽፈጥ ቃል ከምቲ ልሙድ ኣብዒጡን ላዕጢጡን ጸበል ኢሉ ስምን መርዝን ንቡዙሓት ብስም ህዝቢ ክዛረብ እሞ እቲ ህዝቢ ክንዲ ነድሩን ቑጠዕኡን ዘርኢ፣ ብኣንጻሩ ተሸቕሪሩን ኣንቀጥቂጡን ክነብር መሪጹ። ህዝቢ እንታይ ክገብር ፈሪሁ ዝብል መልሲ ምኽኑይ ኣይኮነን። ከም ፍጡር ናይ ፍጥረት መሰሉ ተጋሂሱ እንዳ ረኣየ ክነብር ዘጽቀጠ  ባዕሉ ክግዛእ ዝፈረደ ኢዩ። ነዚ ኩሉ ሕጂ ዝወርድ ዘሎ ጌጋታት ንምእራም እኩል ግፍዕታትን ጸበባን ኢና ገና ነሕልፍ ዘለና። ገለ እውን ንኹሉ እቲ ዝወርድ ዝሕብር ዘይኮነስ ክኒኡ ዝተፈጸመን ዘስካሕክሕን ግፍዕታትን ምብራስ ተካኢ ሰባዊ ዓቕምናን ቅርስና ዓነውነው ይብል ኣሎ። ዝኾነ ትሕቲ ጸሓይ ዝነብር ፍጡር ክጸሮ ዘይክእል ጸር ምስካምና ዓለማውያን ናይ እምነት ትካላት ናይ መሰል ተማበቕቲ ናይ ዜና ማዕከናት እውን ከይተረፉ ተጸዋርነትና ዲዩ ካልእ መዝገበ ቃላት ክገልጾ ዘይክእል ሕሰምና ኣስደሚምወን ብዛዕባና ዜና ዝበሃል ካብ ዘይህባ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ ኣሎ። ሞት፡ መከራ፡ ድኽነት፡ ዓጸቦ፡ ኩሉ ኣባና ንቡር ኮይኑ። ንሱ እውን ምጽዋርና ከይኣክል ብለይቲ ንዱባትና ዝጥሕሱ ደቅና ናብ ናይ ለይቲ ኣዛብእ-ዱብ ተለጠም። ንብዓትና ዲዩ ተጸንቂቑ ወይስ ከብድና እምኒ ኣትይዎ ኣይፍለጥን ክንሓዝነሎም ኣይተራኣናን። እዚ ኣራዊት ዝኾነ ሕጊ-ግደፍ ንዕርቃና ከም ዘሕብን ጋቢን ካባን፣ ንጽምዬትን ዓጸቦናን ከም ሕንቃቐን፣ ንኸይንሰርሕ ኩሉ ስራሕን ጉልበትናን ናብ ጊላነት ቀይሩ፣ ንተነጽሎና ድማ ከም ድማሞቕና ገይሩ ዝገልጽ ሽፍታ ስለ ዝነዓቐናን ንናይ ምብትታን ዕላምኡ ከም ዝሃረመ ተኣማሚኑ ብዘይ ፍርሀን ምዩቕ ከይበለ ክነብር ገዲፍናዮ። መልእኽቲ እውን ኣለዎ። ከመይ ዝበለ መልእኽቲ። እስኪ ሓንቲ ምልክት ክህበኩም። ሓደ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ዘሎ ወዲ ከባቢ ኣስመራ ገዲም ተጋዳላይ ኣብ ጥቓ ሰፈር ማእከልነት ዝርከብ ኣባል ዝነበረ ንዳዊት ምስ ኢሰያስ ክራኸብ ሓተቶ። እሱ እውን ኣፍቀደሉ። እቲ ሰብ ድማ ንኢሰያስ እዘን ዝሰዕባ ሕቶታት ኣንበረሉ። እቲ ዝጠቕሶ ገበን እውን ሕጂ ይፍጸም ኣሎ። ኣይተማሃርናን ገና። ንሓደ ሰብ ኣሚና ንሓደ ግማዕ ህዝብና ዝኾነ ክንጽሎ ንርእ። ሓዉ ዘይሓቖፈ ሰብ ከይዱ ከይዱ ኣብ ምፍራስ ገጹ ኢዩ ዘድህብ።

ተጋዳላይ፡ ኣብዚ ቤት-ማእሰርቲ ልዕሊ 95% ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ኢዮም ተኣሲሮም ዘለዉ። ስለ ምንታይ ግን?

ኢሰያስ፣ ኣነ ቁጽሪ እሱራት ክንደይ ከም ዘለዉ ክፈልጥ ይኽእል። ናታትም ኣስማትን ዝገበርዎን እውን ይግለጸለይ፣ ካብ ሓንቲ ኣውራጃ ከም ዝኾኑ ግን ከመይ ገይረ ናይ ሓደ ምስቲ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ከነጻጽር እኽእል። እዝስ ዘይከውን ኢዩ?

ተጋዳላይ፣ ኢሰያስ ክንደይ ተባዕትዮ ክንደይከ ኣንስትዮ ተኣሲሮም ኣለዉ ከም ኣብነት ብዝርዝር ክትፈልጥ ትኽእል። ተመሳሳሊ ገበናት ወይ ዝተፈላለዩ ገበናት ከም ዓይነቶም እውን ጸብጻብ ክህልወካ ዘገርም ኣይኮነን። ከምኡ'ውን እቶም ገበን ገይሮም ዝቐየዱ ኣቢያና ናይ ዕድመ ከባቢ ዘለዉ ይበዝሑ። ካበይከ ይብገስ እቲ ናይ ገበኖም መልእኽቲ፣ ዝርዝር ክህልወካ ኣለዎ መታን መፍትሒ ክትህብ። ኣነስ ኣይፈልጥን ኢየ ክትብለኒ ከለኻ ዘይተጸበኽዎ ኢዩ። ኮይኑ ግን ካብ ስራሕ ምብዛሕ ወይ ድማ ዘይተወሃበካ ሓበሬታ ይህሉ ይኸውን ኢለ ኢየ ክሕብረካ ዝደሊ። ስለዚ እዚ ከም ሓልዮት ዘቕርቦ ዘለኹ ንድሕነት ውድብና ተመርኩሰ ኢየ ዝሕብረካ። ደሓር ከእ ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ምእሳር ኣፍንጫ እንተ ተሃርመት ዓይኒ ትነብዕ ኢያ እሞ ኣሕዋቶም ኣብ ኩሉ ስለ ዘለዉ እዚ ነቲ ቃልሲ ዕንቅፋት ክኾነዎ ይዕደሞ ኣለዉ ዘስምዕ።

ኢሰያስ፣ ንሓልዮትካ ብጣዕሚ የመስግነካ። እዚ ድማ ምስቲ ናይ ስራሕ ምክትታልን ምእራምን ዝብል ሓበሬታ ስለ ዝኾነ ብቐረባ ክካታተሎ ኢየ። ግን ካበየናይ ኣውራጃ ኢዮም እቶም ትብሎም ዘለኻ እሱራት? ካብ ሓደ ኣውራጃ ከም ዝኾኑ ከመይ ገርካ ትፈልጥ?

ተጋዳላይ፣ ብርግጽ ክትፈልጥ እንድሕሪ ደሊኻ ካብ ኣከለ-ጉዛይ ኢዮም። እዚ ድማ ብዘይ ናትካ ኣፍልጦ ክኸውን ይኽእል። ኣነ ከም ውግእ ምእዋጅ ኢየ ዝሪኦ። ቀልጢፍካ ፍትሓዮ። ዝዓበዩሉ ከባቢ ወይ ድማ ገለ ፍሉይ ቃላት ዝዘውትሮዎ፣ ካልእ ድማ ንገሊኦም ዳርጋ

መብዛሕትኦም ስለ ዝፈልጦም። ክእሰሩ ዝብል ግምት ሂበሎም ዘይፈልጥ ተጋደልቲ ድሕሪ ምዕዛበይ ድማ ስለምንታይ ተኣሲሮም ክፈልጥ ደልየ ምክትታል ብምግባረይ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣነ ኣባል ሓለዋ ሰውራ ስለ ዝኾንኩ ንኽፈልጥ ዘኽእል ምኽንያት ስለ ዘለኒ። ድሕሪ ምባሉ ድማ ተሰናበቶ።

እዚ ጉዳይ እዚ ኣነ ኣብ ከባቢ ፋሕ ኣብ ናይ መፋርቕ 1976 ምትሕንፋጽ ዝተገብረሉ ግዜ ብሓንሳብ ካብ ኩለን እተን ክተሓናፈጻ ዝመጹ ተጋደልቲ ገለ ከይተሓናፈጹ ዝተረፉ 30 ዝኾኑ ንበይኖም ኣብ ጥቓ ተውሚን ኮይኖም መደቦም ይጽበዩ ምንባሮም እዝክር። መብዛሕትኦም ካብ ሕርሻ ተመዲቦም ነይሮም ግን ኣብቲ ምትሕንፋጽ ተገዚፆም ዝተረፉ ኢዮም። ናይዝጊ ክፍሉ ኣብቲ ምምሕዳር ቁጠባ ኣዛዚ ስለ ዝነበረ ድማ ነቶም ተጋደልቲ ክሳብ ዝምደቡ ስንቆም ካብ ተውሚን ክወሃቦም ከም ዘለዎም ሓበረኒ። ኩሎም ብቐረባ ዝፈልጦም ጀጋኑ ተጋደልቲ ኢዮም። መትረፊኦም ብጽቡቕ ገይረ ስለ ዝፈልጦ ሓዘነይ ወሰን ኣይነበሮን። ናብ ተውሚን ከይዶም ስንቂ ክወስዱ እገልጸሎም። ክልተ ካብኦም ፍስሃየ በርሀን ተስፋንክኤል ራሻይዳን ድማ ንሕና መግቢ ኣየድልየና ስንቂ እውን እንታይ ክገብረልና። ጠምዩና ዘሎ ፍትሒ ኢዩ። ኣብዚ መምጽኢና እንታይ ከም ዝኾነ ክበርሃልና ኣለዎ። ብሓጺሩ ክንተሓናፈጽ ተባሂልና ኢና መጺእና። ኣይተሓናፈጽናን ድማ። ዘምጽኣና ጉዳይ ካብ ዘይተተግበረ፣ ዘትረፈና እንታይ ኢዮ? ክብሉ ተወከሱኒ። ኣነ ድማ እቲ ዝተባህለኒ ንናይዝጊ ክፍሉ ሓበርክዎ። ናይዝጊ ብመገኑ ተስፋ ኪድ ኣተሃዳድኣዮም በለኒ። ኣነ እዞም ሰባት ምሳይ ተኣሲሮም ዝነበሩ ስለ ዝኾኑ፣ ሕቶኦም ይሰማዕ በሃላይ ኢየ። እንታይ መፍትሒ ዝተገብረ ፈሊጠ ኢየ ከተሃዳድኦም? በልክዎ። ናይዝጊ ከይዱ ምስ ኢሰያስ ይዘራረብ። ኢሰያስ እውን ይጽውዓኒ። ንሕና ናብ ዘድልየና ክንምድቦም ኢና ስለዚ እዚ ሕቶታት እዚ እንታይ ኣምጽኦ ይብል። ኣነ ብወገነይ ነቲ ምረት ናይዞም ተጋደልቲ ብትብዓት ቆሪጸ እነግሮ። እዞም ሰባት እዚኦም ንነዊሕ ኣዋን ዝተኣስሩን መእሰሪኦም ድማ ዘይተገልጸሎም ኢዮም በልክዎ። ምሳኻ ተኣሲሮም ዝነበሩ ዲኻ ትብለኒ ድለኻ በለኒ። እወ ከምኡ ኢዩ በልክዎ። ብድሕሪኡ ኪድ ደሓር ክጽወዓካ ኢየ ስለ ዝበለኒ ኣብ መደበይ ከድኩ።

ኣብቲ ናይ ክፍሊ ምምሕዳር ቁጠባ ከድኩ። ግን ቀልበይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሰያስ ዝግበር ምምልላስ እከታተል ነበርኩ። ዳዊት ሃብቱን ናይዝጊ ክፍሉን ምስ ኢሰያስ ኣብ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈቱ ኮፍ ኢሎም ንነዊሕ ግዜ ይዘራረቡ። እንታይ ከም ዝበሃሃሉ ኣይፈልጥን። ግን ገለ ይኣልሙ ከም ዘለዉ ይርደኣኒ። ኣብዚ እዋን እዚ ኩሉ እቲ ውጥን ኣሳራይ  ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ናብ ስለሙን ገጻ ኢያ ትጥምጠም ነይራ። እቲ ቀንዲ ዘጽልኣካ ተግባር ኣብ ሕቖ ተጋዳላይ ኮንካ ,,ምርባሕ ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ“ ኢዩ። ከሳስን ተኸሳን ኣባል መሪሕነት ብኣውራጃነት ይጻወቱ ምንባሮም ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ፍታሕ ካብ ኢሰያስ መጸ ማለት ዘበት። ኮነ ድማ ተጸዋዕኩ። ኢሰያስ ከምዛ ዘይፈልጥ ኮፍ በል ድሕሪ ምባሉ፣ ንዳዊት ሃብቱ ናይ ሓለዋ ሰውራ መሪሕነት ክሓቶ ጀመረ።

ኢሰያስ፣ እዞም ተጋደልቲ እዚኦም ቅድሚ ሕጂ ተቐይዶምዶ ነይሮም?
ዳዊት ሃብቱ፣ እወ ተቐይዶም ነይሮም።
ኢሰያስ፣ መቐይዲኦም እንታይ ስለ ዝገበሩ ኢዩ?
ዳዊት ንሕና ተቐይዶም ናባና ምምጻኦም ጥራይ ኢና ንፈልጥ። ክቕየዱ ከም ዘለዎም ካብቲ ዝነበርዎ ኣሃዱ ዝተመሓላለፈ መልእኽቲ ምስ ሰለሙን ወልደማርያም ኣሎ። እሱ ክቕየዱ ከም ዘለዎም መምርሒ ስለ ዝሃበና ተቐቢልና ቀይድናዮም። ዓመት ምሉእ ተኣሲሮም። ስለምንታይ ከም ዝተእስሩ ድማ ክሳብ ሎሚ ንፈልጦ የብልናን። ኣብቲ ዝነበርዎ ዝነቐፍዎን ዝተነቕፍዎን ግን በብሓደ ሓቲትናዮም። ካብቲ ስሩዕ ዕለታዊ ኣሰራርሓ ድማ ሓንቲ ንእሽተይ ምኽንያት ከተቐይድ ትኽእል እውን ኣይረኸብናን። ኮይኑ ግን ሕጂ ድማ ክቕየዱ ዝብል ትእዛዝ ተነጊሩና ኣሎ። እዚ ኣሰራርሓ እዚ ድማ ጎዳኢ ኢዩ። ካብቲ ዝነበርዎ ቦታ ድማ ነቲ መራሒ ኣሃድኦም ተጸዊዑ ይተሓተት በለ። (ናይ ጽላጦስ ኢድ ክመስሉ) ዝግበር መናወራት ዝመሓላለፍ ናይ ሓርገጽ ንብዓት)።
ኢሰያስ፣ ናይዝጊ እዞም ሰባት ክእሰሩ ዝሰደዶም መን ኢዩ?
ናይዝጊ ክፍሉ፣ ክእሰሩ ዝሰደዶም ሕሩይ ኣስገዶም ኢዩ።
ኢሰያስ፣ ሕጂ ሎሚ ምሸት ብህጹጽ ካብ ኣልገን ይምጻእ።

ንምሸቱ ሕሩይ ተጸዊዑ ይመጽእ። ሕሩይ ኣስገዶም ኣብ ሩስያ ናይ ሕርሻ ልዑል ትምህርቲ ዝቐሰመን ኣዕሚቑ ዘይሓ

ስብን በሃም ሰብ ኢዩ። ሕጂ እውን ኣብ ትሕቲ ሕርሻ ተመዲቡ ኣሎ። (በዓል ኢሰያስ ኮነ ናይዝጊ ክፍሉ ንሕሩይ ጥራይ
ዘይኮነስ ንኹሉ ዘወናብዱ ኢዮም።)

ሕቶታት ድማ ኣዝነብሉ።

ኢሰያስ፣ እዞም ሰባት ክእሰሩ ናባና ዝተላእኩ፣ እንታይ ስለ ዝገበሩ ኢዮም።

ሕሩይ፣ ተኸታተልዎም ስለ ዝተባሃልና፣ መብዛሕትኡ ክሕጸቡ ወይ ክሰርሑ ከለዉ ካብ ብጾቶም ተነጺሎም ስለ ዝመያየጡ ናይ ብጻይነት ጠባይ'ውን ኣየዘውትሩን። ሕጂ ንሕና ክንዕዘቦ ንኽእል ገለ ሓበሬታ ብዝይክ ናቶም ምንጻል ንፈልጦ የለን። ግን ስክፍታታት ስለ ዘለና ኢና ናባኹም ኣመሓላሊፍናዮም።

ዳዊት ብዘይካ ምንጻሎም ካልእ ርኡይ ኣዕናዊ ወይ ድማ ናይ ምልዕዓል ጠባይ ኣርእዮም ይፈልጡዶ ግለጽ?

ሕሩይ ገለ ባህ ዘይብለካ ዝጥርጠር ተርእዮታት ኮይኑ ተንብቦ ኣሎ። ከም ክዛረቡ ጸኒሖም ምስ መጻእካ ድማ የጽቅጡ። ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣይሓቱን ተኻፍልነቶም ድማ ልሙስ ኢዩ።

ዳዊት ቅድሚ ሕጂ ልዕሊ ዓመት ተኣሲሮም፣ ዝፈጸምዎ ብጭብጢ ገለ ነገር ዝቐረበ ኣይተመልከትናን። ካልእስ ይትረፍ መበጊሲ ዝኸውን እውን የለን። ንሕና ከም ንፈልጦ ካብ ከባቢኹም ሓቲትና ድማ መሰልኩ ተገፊፍኩም ኢኹም ክትብሉ ካብ ሓበርክሞም ተኻፋልነቶም ልሙስ ክኸውን ድማ ዘገርም ኣይኮነን። ምሉእ ተኻፋልነት ካብ ተሓረሙ፣ ጭብጥታት ንምእካብ ምጠዓመ ነይሩ። ከም ኣብነት ክገልጸልካ ኣብቲ መሰልኩም ተገፊፉ ኢዩ ዝበልክሞም እዋን፣ ንከበሳ ኣይትመደቡ፣ ኣብ ናይ ጋንታ ፖለቲካዊ ትምህርትን ጻዊዕትን ኮነ ኣኼባ ክትሓቱ ክልኩል ኢዩ ዝብል መግለጺ ኣብ ኣልገና ሂብክሞም ከተብቅዑ ሕጂ ተቐርቦ ዘለኻ ብቑዕ ገበን የለን። ካብቶም ሽዑ መሰሎም ዝተገፉ 22 ንመሪሕነት ዝበደልናዮ የብልናን እሞ ስለምንታይ መሰልና ከም ተገፈ ሕቶ ኣለና ኢሎሙኹም። ተስፉ ግን እቲ መሪሕነት መሰለይ ካብ ገፈፎ ኣነ ናብ መሪሕነት ሕቶ ከቕርብ ኣይደልን ኢየ ክብል ዘቕረቦ ኩሎም እቶም 22 ንሕና እውን ሕቶና ሰርዞ ኢሎምኻ። ነቶም 22 ብሓንቲ መስርዕ ኣኽቢክኩም ናብ ፋሕ ኣምጺእኩሞም። እዚ ናታትኩም ጉድለት ኢዩ። ንተስፉ ሻምናይ ርእሱ ድማ ካብ ኩሉ ሰራዊት ዘለዎ ከባቢ ክርሕቕ ናብ ማርሳ ተኸላይ ሰዲድክሞ። ሕጂ ኣብዚ ኣብ ቅድመኻ ኣሎ። እንታይ ትብሎ ክብል ዳዊት ሓተቶ። (ሕሩይ ብፍጹም ዝዛረቦ ጠፊእዎ ኣጽቀጠ። ዝለኣኽዎ ኢዩ ዝገበረ)

ኢሰያስ፣ ሕጂ ተስፉ ነቶም 30 ተጋደልቲ ክትምደቡ ኢልካ ኣጻናንዓዮም እሞ ኣብቲ ዘለውዎ ይጽንሑ በለ።

ኣነ ኢሰያስ ዝበለኒ ሰሚዐ ተሰናበትኩ። ነቶም ተጋደልቲ ኣብቲ ማይ ጃሕጃሕ ከይደ ዝተባህለ ሓበርክዎም። ንሳቶም ድማ
ፈጺሞም ነቲ ናይ ኢሰያስ ሓሳብ ነጸግዎ። ከም ኣበሃህልኦም ድማ ኣብ ዝኸድና ንኹድ ብርእሰ ተኣማምነት ክንቃለስ ስለ
ዘይንኽእል ካብዚ ዘለናዮ ፍሕት ክንብል ኣይንደልን። ክንእሰር እውን ድልዋት ኢና። ወይ ድማ ይረፍቱና። ንሕና ኣብ
ሻዕባያ ዘለና ዘይኮናስ ምሩኻት ኢና። ቅድሚ ሕጂ ፍርዲ የለ ክሲ የለ ልዕሊ ዓመት ተኣሲርና። እቲ ናይ ቅድም
ዝተኣሰርናሉ ምኽንያት እንታይ ከም ዝነበረ ይገለጸልና ክብሉ ኣደሙ። ናብ ኢሰያስ ከይደ እውን ሓብርክዎ። እንታይ
ትብል ክብል ሓተተኒ። ኣንበብቲ ተዓዘቡ። ኣነ ብርግጽ እቲ ዝካየድ ዘሎ ዝተፈጸመ ማእሰርቲ ብሰለሙን ከም
ዝተፈጸመን ኢሰያስ ኣፍልጦ ከም ዘይብሉን ዝሕብር ኢዩ። ግን ንሰለሙን ንሱዳን ሰዲድካ ብድሕሪኡ ዝግበር ናይ
ሽርሒ ስራሕ ኢዩ። ብዝኾነ ተጻርዩ መእሰሪኹም መልሲ ክወሃበኩም ኢዩ ተባህለ። እቶም ተጋደልቲ ድማ ተስፉ ንሕና
ካባኻ ንሓይሽ። ካልእስ ይትረፍ ካብዚ ብስዉር ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ዘለኻዮ ዝኸፍእ የለን። ክብሉ ገሊጾምለይ።

ገሊኦም ኣብ ስደት ኣለዉ። ገለ እውን ናብ ተሓአከይዶም። ኣብ ዓዶም ምስ ወልደንኪኤል ሃይለ እውን ዝተሰውኡ
ድማ ኣለዉ።

እታ ቤት ማእሰርቲ በቲ ተባዕ ሕቶ ንኢሰያስ ዝሓተቶ ጸርያ። ግደ ሓማሴን ኮይኑ ድማ የሚን ዝበሃሉ ተአስሩ።
መን ይፈልጥ እቲ ሓታታይ ከም ዝሓተተ ብሕቡእ ስለ ዝሓበረና እንበር፣ ወይ ገለ ካብ ኢሰያስ ሕሹኽ ኢሉ ክሓትት
ዝተላእከ ይኺውን ወይ ድማ ናይ ኢሰያስ ዝፈነዎ መልእኽቲ ዝሓዘለ ክኸውን ይኽእል። ብዘይ የገድስ ኣብቲ እዋን እቲ
ዳርጋ ኣብያተ ማእሰርቲ ሻዕብያ ናብ ሓደ ኣውራጃ ዝቐንዐ ክኸውን ይኽእል። ንናይ የሚን ተቀሳቐስቲ ደቂ ሓማሴን
እዋኖን በጺሓ ክእሰሩ ጀመሩ። ሎሚ ድማ ውን እታ መንካዕ ትብል ናይ ኣውራጃ ሕማም ኣብ ቦትኣ ኣላ። ከም ጴጥሮስ
ሰለሙን፣ ከም በራኺ ገብረስላሰ፣ ወይ ብርሃነ ገረዝጊሄር ዘለውዎ ከምይ ናብ ሓንቲ ኣውራጃ ይጥቐለል። ናይ መስከረም
18 ኣብ 2001 ድማ ዝገደደ። ከም ኣባዕረ፣ ከክያ፡ ጀርማኖ ናቲ ኩሎም ደቂ ሓንቲ ኣውራጃ ኮይኖም። እዚ ጽላለ እዚ ናይ
ኢሰያስ ኢዩ። ገና ብዙሕ ብትንትኑ ዝወጽእ ካልእ ሕቡእ ኣሎ። ጀጋኑ ተጋደልቲ ካብ ኩሉ ክርናዓት ሓመድ ተነጺፎም
እምኒ ተተርኢሶም ክብርቲ ህይወቶም ክህቡ ከለዉ ኢሰያስ ድማ ኣብ ስልጣን ዝተመርኮሰ ሃገር ብወገን ብኣውራጃ
ከፋፊሉ ክነብር ህዝቢ ኣባዒዱ ይነብር ኣሎ። ተቐቢሩ ዝነብር ምስጢር የለን።

ኣብ ቀጻሊ የራኽበና።

ተስፉ ዘውደ